# ኣብ ስኮትላንድ ገንዘብኩም ብኸመይ ከም እተማሓድሩ ተማሃሩ

ናይ ፋይናንስ ንቕሓት ፕሮጀክት

ሚያዝያ 2003

FLP - Tigrinya

## እንህቦ ናይ ፋይናንስ ንቕሓት ፕሮጀክት

እቲ ብናጻ እንህቦ ናይ ሓበሬታ ሰሚናር፣ ትምህርቲ ከምእውን ስልጠናታት ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ገንዘብን፣ ንዝመጽእ እዋን መደብ ምውጻእ፣ ከምእውን ገንዘብ ወይ ክፍሊታት ብዝምልከት ንዘጋጥመኩም ዝኾነ ይኹን ሽግራት ምፍታሕ ሓገዝ ይህበኩም። እዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ ኣብቲ ናይ ትምህርቲ ግዜ ዝወሃቡ ኣርእስትታትን፤ መን ክሳተፍ ከምዘልዎ ከምእውን ብኸመይ ቦታ ምሓዝ ከምዝከኣል ይዝርዝር። ብተወሳኺ፡ ብዛዕባ ነፍሲ ወከፍ ዝወሃቡ ትምህርትታት ሐቓሚ ሓበሬታ ይህብ ከምእውን ዝያዳ ናይ ፋይናንስ ምኽሪ ኣበይ ከምዝርከብ ይገልጽ።

## እዞም ትምህርትታት ብዛዕባ እንታይ ይትንትኑ?

እቲ እንህቦ ትምህርቲ ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ነገራት ሓበሬታ ይህብ፥

- ባንኪን ገዘዘብ ምቁጣብን፣
- ባጀት ምምሕዳር፣
- ምልቃሕ፣
- ናይ ኣገልግሎታት ክፍሊት፣
- እንሹራንስ፣
- ሓድሽ ስራሕ ምጅማር፣ ከምእውን
- ናይ ገዛእ ርእስኹም ንግዲ ምጅማር።

## መን እዩ ኣብቲ ትምህርቲ ክሳተፍ ዘለዎ?

ዝኾነ ሰብ ኣብቲ እንህቦ ትምህርቲ ክሳተፍ ይኽእል እዩ፡ እንተኾነ ግና ስደተኛታት ወይድማ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ግዚያዊ መንበሪ ፍቓድ ንዘለዎም ሰባት ዝያዳ ጣቓሚ ይኸውን። እዞም ትምህርትታት ግላስገው ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታትታን ዓመት ምሉእ ብመደብ ይካየዱ።

## ኣብቲ ዝቕጽል ትምህርቲ ብኸመይ ዝያዳ ሓበሬታ ይረክብ ከምእውን ቦታ ብክመይ እሕዝ?

ብዛዕባ እቲ ዝቕጽል ትምህርቲ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ወይድማ ቦታ ንምሓዝ ዘዚ ኢመትል እዚ ጽሓፉ፡ financialworkshops@scottishrefugeecouncil.org.uk ወይድማ እዚ መርበብ ሓበሬታ ተመልከቱ፡ http://www.scottishrefugeecouncil.org.uk/how_we_can_help/i_have_refugee_status/leave_to_remain_in_the_uk/financial_literacy_project

Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH Tel: 0141 248 9799, Fax: 0141 243 2499,
www.scottishrefugeecouncil.org.uk
Scottish Refugee Council is a charity registered in Scotland.
Registered Charity: SC008639

ስዒቡ ተዘርዚሩ ዘሎ ብዛዕባ ናይቶም ኣብቲ ትምህርቲ ዝግለጹ ኣርእስትታት ይዝርዝር። ከምእውን ገንዘብኩም ብኸመይ ከም እተማሓድሩ ዝሕግዝ ጠቓሚ ሓበሬታት ዝሓዘ እዩ።

**ባንኪን ገንዘብ ምቑጣብን**

- ዝተፈላለዩ ዓይነት ናይ ባንኪ ሕሳባት ክህልዉ እንከለዉ ነፍሲ ወከፎም ድማ ዝተፈለለዩ ምርጫታትን ቅርጻታትን ዝሓዙ እዮም። ናይ ባንኪ ሕሳብ ብኼመይ ከምዝኸፍቱ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ነቲ "ናይ ባንኪ ሕሳብ ብኸመይ ከምትኸፍቱ" ዝብል ናይ ስኮትላንድ ናይ ስደተኛታት ካውንሲል ሓጺር ጽሑፍ ተመልከቱ፥ http://www.scottishrefugeecouncil.org.uk/assets/0000/0188/How_to_open_a_bank_account_June_2010.pdf
- ካልእ ናይ ባንኪ ሕሳብ ኣማራጺ፡ ናይ ክረዲት ዮኒዮን ኣካውንቲ እዩ። እቲ ልክዕ ከም ናይ ባንኪ ሕሳብ ዘገልግል ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ከባቢ ጥራይ ዝርከብ ኮይኑ ብተወሳኺ ናይ ባንኪ ኣገልግሎታት ናይ ፋይናንስ ምኽሪ ይህባ።
- ተኸታተሉ፡ ናይ ባንኪ ወይድማ ክረዲት ዩኒዮን ሕሳብ ምስ ኣውጻእኩም፡ ገንዘብኩም ከም ዘይተወደአ ወይድማ ካብቲ ዘለኩም ገንዘብ ንላዕሊ ስለዘውጻእኩም እታ ባንክኹም መቕጻዕቲ ከይተኽፍለኩም ንምርግጋጽ፡ ካብ ሕሳብኩም ዝወጽእን ናብ ሕሳብኩም ዝኣቱን ገንዘብ ምክትታል ኣዝዩ ጠቓሚ ይኸውን።

**ምልቃሕ**

- ገንዘብ ክትልቅሕሎም እትኽእሉ ዝተፈላለዩ  ቦታትታን መንገድታትን ኣለዉ። ብዝተፈለለየ መንገዲ ገንዘብ ክትልቅሑ ትኽእሉ ኢኹም፡ ንኣብነት ብመንገዲ ልቓሕ፣ ክርዲት ካርድ፣ ካታሎግ፣ ሰሙናዊ ዝኽፈል ናይ ድኳናት ክፍሊት ከምእውን ኦቨርድራፍት። እዚ ድማ ሓደሓደ ግዜ ኣቕሓ ንምግዛእ ሓደሓደ ግዜ ድማ ጥረ ገንዘብ ንምቕባል ዝግበር መንገዲ እዩ።
- ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ መንገድታት ንምጥቃም እቲ ዝኽፈል ገንዘብ ናይ ልቓሕ ይፈላለ እዩ። ስለዝኾነ ድማ እቲ ቅጥዕታትን ሕግታትን ምርዳእ ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ።
- ብዙሕ ግዜ ገንዘብ ኣብ እትልቅሕሉ ግዜ፡ ወለድ ክትከፍሉ ትሕተቱ፡ እዚ ድማ APR – **Annual Percentage Rate (APR)** ተባሂሉ ይጽዋዕ። ብሓፈሻ እቲ APR እንዳለዓለ ክኸይድ እንከሎ እቲ እቲ ክትከፍልዎ ዘለኩም ክፍሊት ድማ እንዳበዝሐ ይኸይድ።
- ትሑት ዝኾነ ናይ ክረዲት ግምገማ እንተደኣ ኣሎኩም ኮይኑ፡ ገንዘብ ክትልቅሑ ኣይትኽእሉን ትኾኑ። ናይ ክረዲት ግምገማ ክበሃል እንከሎ ነቲ ዘለቅሕ ኣካል፡ ንኣብነት ባንኪ፡ ተመሊስኩም ናይ ምኽፋል ዓቕምኹም ማለት እዩ። ናይ ክረዲት ግምገማኹም ብናይ ኣድራሻ ምልውዋጥ ታሪኽ፣ ናይ ስራሕ ኩነታት፣ ኣታዊ፣ ከምእውን ሕሳብኩም ዝኸፈልክምሉ ታሪኽ ዝኣመሰሉ ዝተፈለለዩ ረቛሒታት እዩ ዝውሰን።
- ልቃሕ ንምርካብ ከተመልክቱ ትኽእሉ ትኾኑ። ገለገለ ካብቶም ክትሓትዎም እትኽሉ ልቓሓት ከምዚ ዝስዕብ የጤቓልሉ፥
- **UKBA ናይ ምውህሃድ ልቓሕ**
  እቲ UKBA ናይ ምውህሃድ ልቓሕ፡ ንሓደስቲ ስደተኛታት ንምሕጋዝ ተባሂሉ ዝግበር ካብ ወለድ ናጻ ዝኾነ ብቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት ዝወሃብ ልቓሕ እዩ። ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ናይ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታት መርበብ ሓበሬታ ተመልከቱ፥ http://www.ukba.homeoffice.gov.uk/aboutus/workingwithus/workingwithasylum/integration/integrationloan/.

- **ናይ ሓደጋ ግዜ ልቓሕ**

  እዚ ናይ ሓደጋ ግዜ ልቓሕ፡ ኢመርጀንሲ ወይድማ ሓደጋ ምስዘጋጥም ቤትኩም ንምህናጽ ብናይ ሶሻል ፋንድ ዝወሃበኩም ልቓሕ እዩ። ድሕሪ ግዜ ተመሊስኩም ክትከፍልዎ ኣሎኩም እንተዀነ ግና ወለድ ኣይትኸፍሉን ኢኹም። እዚ ማለት ድማ እቲ እተለቃሕክሞ ናይ ገንዘብ መጠን ጥራይ ኢኹም ተመሊስኩም እትኸፍሉ። ብዛዕባ ናይ ሓደጋ ግዜ ልቓሕ፡ ብቑዕ ንምዃን ዘድሊ መምዘኒታትን ብኸመይ ከተመልክቱ ከምእትኽእሉን ዘጠቓልል ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ናይ Directgov መርበብ ሕበሬታዚ ተመልከቱ፡ [http://www.direct.gov.uk/en/MoneyTaxAndBenefits/BenefitsTaxCreditsAndOtherSupport/On_a_low_income/DG_10018856](http://www.direct.gov.uk/en/MoneyTaxAndBenefits/BenefitsTaxCreditsAndOtherSupport/On_a_low_income/DG_10018856)

**ናይ ኣገልግሎታት ክፍሊት**

- ናይ ሰደተኛታት መንበሪ ፍቓድ ወይድማ ግዜያዊ መንበሪ ፍቓድ እንተደኣ ተዋሂብኩም ኰንኩም፡ ንመስርሕ መግቢ እትጥቀሉ፣ ንመብራህቲ፣ ከምእውን ጋዛኹም ብምውዓይ እትጥቀምሉ ናይ ኤሌትሪክን ጋዝን ወጻኢታት ምኽፋል ሓላፍነትኩም ይኸውን። እዚ ክፍሊት እዚ ኣዝዩ ክቡር ክኸውን ከምእውን ኣብ ውሽጢ ዓመት ክፈላለ ይኽእል እዩ። ስለዝኾነ ድማ ኣዝዩ ብዙሕ ወይድማ ኣዝዩ ውሑድ ትኸፍሉ ከይትሕልዉ ነቲ ዋጋታት ክትቆጻጸርዎ ይግባእ።

- ጋዛኹም ሜተር ዝለዘለዎ ኣብቲ ገዛ ኣብ ዝኣተኽምሉ ግዜ ነቲ ሜተር ከተንብብዎ ይግባእ። ነዚ ሓበሬታዚ ብምሓዝ ድማ ነቶም ናይ ጋዝ/ኤሌክትሪክ ኩባንያ ክትድውልሎም ትኽእሉ ኢኹም። ነቲ ሜተር ኩሉ ግዜ ምንባብ ማለት ክንደይ ሓይሊ ጸዓት ከምእተጠቀምኩም ንምርግጋጽ ይጠቕመኩም፡ እዚ ድማ እቲ እትኸፍልዎ ክፍሊት ንኽትርድእዎ ይሕግዝ። ኣብዚ ናይ ስኮትላንድ Consumer Focus መርበብ ሓበሬታዚ ብዛዕባ ናይ ኤሌትሪክን ጋዝን ክፍሊት ዝያዳ ምኽሪ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡ [http://www.consumerfocus.org.uk/scotland/files/2010/11/Tenants-advice-leaflet2.pdf](http://www.consumerfocus.org.uk/scotland/files/2010/11/Tenants-advice-leaflet2.pdf)

- ከምእውን ነዚ ናይ ጸዓት ክፍሊትኩም ብዝተፈለለየ መንገዲ ክትከፍልዎ ትኽእሉ ኹም፥ ንኣብነት ናብ ፖስት ኦፊስ ወይ ባንኪ ብምኻድ ወይድማ ካብ ናይ ባንኪ ሕሳብኩም ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ገንዘብ ብቐጥታ ከምዝውሰድ ብምፍቃድ ብደቢት ካርድኹም ክትከፍሉ ትኽእሉ ኢኹም። ነቲ ናይ ክፍሊት ሕሳብኩም ከተረጋግጽዎን ናይ ቤትኩም ሜተር ከተንብብዎን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ከምዚ እንተደኣ ዘይጌርኩም ኣብ ዕዳ ክትኣትዉ (ዘተኸፍለ ዕዳ ክህልወኩም) ቀሊል ይኸውን።

- ብዛዕባ ናይ ጽዓት ዋጋታት ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ነቲ ***ናይ ሳባይቲ መምርሒ ንኣብ ስኮትላንድ ዝርከቡ ሰደተኛታት፤ ዋጋታት ጸዓት*** ዝብል ሓጺር ጽሑፍ ኣብዚ መርበብ ሓበሬታዚ ተመልከቱ፥ [http://www.scottishrefugeecouncil.org.uk/assets/0000/0215/L8_-_fuel_poverty18__Nov_2009.pdf](http://www.scottishrefugeecouncil.org.uk/assets/0000/0215/L8_-_fuel_poverty18__Nov_2009.pdf)

**እንሹራንስ**

- ብዙሕ ዓይነት ናይ ኢንሹራንስ ኣገልግሎታት ኣሎ፡ ንኣብነት፡ ናይ ህይወት ኢንሹራንስ፣ ናይ ግሊ ህየት እንሹራንስ፣ ናይ ቤት ንብረት እንሹራንስ፣ ናይ ክፍሊት መከላኸሊ እንሹራንስ ከምእውን ናይ መኪና እንሹራንስ።

- መኪና እንተደኣ ትዝውሩ ኰንኩም፡ እንተወሓደ ናይ ሳልሳይ ኣካል ኢንሹራንስ ክህልወኩም ይግባእ፤ እቶም ካልኦት ዓይነት እንሹራንስ ክህልወኩም ግና ናይ ግድን ኣይኮነን።

- ሓደሓደ ግዜ፡ እቲ ኣባይቲ ዘምጽኣልኩም ኣካል፡ ብዝተሓተ ዋጋ ናይ ገዛ ንብረት ኢንሹራንስ ከምጽኣልኩም ይኽእል እዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ህይወትኩም ደረጃ፡ ንዓኹምን ንስድራቤትኩም እንታይ ዓይነት እንሹራንስ ከምዘድልየኩም ምውሳን ኣዝዩ ጥቓሚ እዩ።
- እንሹራንስ ካብ ናይ እንሹራንስ ክኢላታት ስልኪ ብምድዋል ወይድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ብምእታው ክትገዝኡ ትኽእሉ። ከምእውን ካብ ባንኪ፣ ዓበይቲ ዕዳጋታት፣ ከምእውን ካልእ ድኳናት እንሹራንስ ክትገዝኡ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ኩሉ ዋጋታት ንምውድዳር ብዙሕ ንትሓታትቱ ይግበኣኩም፤ ዋጋታት ንምንጽጻር ድማ ኣብዚ መርበብ ሓበሬታዚ ተመልከቱ፡ http://www.gocompare.com/

ሓድሽ ስራሕ ምጅማር

- ስራሕ ክትሰርሑ ምስ ጀመርኩም ኣብቲ እትቕበልዎ በነፊት ለውጥታት ክህሉ እዩ። እቲ ናይ ስራሕን ሓገዛትን ቤት ጽሕፈትን ከምእውን ናይ ከባቢ ናይ ፋይናንስ ኣማኸርቲ ማሕበራት 'Better off in Work Calculations' ዝበሃል ግምገማ ክገብርልኩም ይኽእሉ እዮም፤ እዚ ድማ ኣብ ስራሕኩም ብዓይኒ ፋይናንስ ከመይ ትኽዱ ከምዘለኹም ብምሕባር ናይ ባዕልኹም ውሳነ ንኽትውስኑ ክሕግዘኹም ይኽእሉ እዮም። ከምእውን እንታይ ዓይነት በነፊታት ክትቅበሉ ብቑዕ ከምዝኾንኩም ክገልጽልኩም እዮም። ናይ ምሉእ ግዜ መጽናዕቲ ምጅማር እውን ኣብቲ እትቕበልዎ በነፊት ጽልዋ ይገብር እዩ። ብዛዕባ በነፊት ሓበሬታ ኣብ Directgov መርበብ ሓበሬታ ተመልከቱ፡ http://www.direct.gov.uk/en/Diol1/DoItOnline/DoItOnlineByCategory/DG_172666
- ስራሕ ምስ ጀመርኩም መደበኛ ዝኾነ ደሞዝ ብቼክ (payslip) ክትወሃቡ ይግባእ፤ እዚ ድማ ክንደይ ከም ዝተኸፈልኩምን ካብቲ ጠቕላላ ኣታዊኹም ክንደይ ከምተቖርጸን የርእየኩም። ብዙሕ ግዜ፡ ናይ ኣታዊ ግብሪ ከምእውን ሃገራዊ እንሹራንስ ክትከፍሉ እንከለኹም፡ እቲ እትኸፍልዎ ልክዕ መጠን ገንዘብ ብምኽንያት ዝተፈለለዩ ረቓሒታት ይፈልለ። ንኣብነት፡ ኣብ ዓመት ክንደይ ከምተእትዉ ወይድማ ካብ ሓደ ንላዕሊ ስራሕ ምስዝህልወኩም።
  ብዛዕባ ተቖራጭ ከምእውን ኣተሓሕዛ ገንዘብ ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ብምርካብ ነዚ ኣብ ናይ ቢቢሲ መርበብ ሓበሬታ ዘሎ ቪድዮ ተመልከቱ፡
  http://www.bbc.co.uk/raw/money/new_job/managing_while_you_work.shtml

ናይ ገዛእ ርእስኹም ንግዲ ምጅማር

- ናይ ገዛእ ርእስኹም ስራሕ ወይ ንግዲ ክትጅመሩ እንተደኣ ደሊኹም፡ ናይ ናጻ ምኽሪ ክህባኹም ዝኽእላ ብዙሓት ማሕበራት ኣለዋ፡
  - ናይ ብግዲ ዕድል (Business Gateway) ዝባሃል ማሕበር ናይ ምጅማር ምኽሪን ሓበሬታን ከምእውን ኣብ ስራሕ ንዘለዉ ንግድታት ድማ ቀጻሊ ድጋፍ ክህብ ዝኽእል ማሕበር እዩ።
    ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ ተመለክቱ፡ http://www.bgateway.com
  - HMRC (Her Majesty's Revenue and Customs) ዝበሃል ክፍሊ እውን ውጽኢት ተመላሽ ግብሪ ብዝምልከት ሓገዝ ንኽህቡ ድልዋት እዮም።
    ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ናይ HMRC መርበብ ሓበሬታ ተመልከቱ፡ www.hmrc.gov.uk

**ብዛዕባ ናይ ፋይናንስ ምኽሪ ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ እኽእል?**

ብዛዕባ እዞም ኣርእስትታት ወይድማ ካልእ ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ብዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንኽትረኽቡ እንተደላ ደሊኹም፡ ንኣብ ናይ ስኮትላንድ ናይ ስደተኛታት ካውንሲል ዝርከብ ኣባል ሰራሕተኛ ተወከሱ፡ Financialworkshops@scottishrefugeecouncil.org.uk ወይድማ በዚ ቁጽሪዚ ደውሉ 0141 248 9799።

ናጻ፣ ምስጢሩ ዝተሓለወን፣ ንኹሉ ብማዕረ ዝርእን ምኽሪ ካብ GAIN (ናይ ግላስጎው ምኽሪን ሓበሬታት ርክብ) ይርከብ። ብዛዕባ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ኤጀንሲ ንምፍላጥ ናይ GAIN መርበብ ሓበሬታ ኣብዚ ተመልከቱ፡ www.gain4u.org.uk ወይድማ ኣብቲ መርመር ሓበሬታ በዚ ቁጽሪዚ ደውሉ፡ 0808 801 1011።